**ስዕረት፡ ጃንዳ።**

ዘራጊ ከሎ ጽሩይ ማይ ነይስተ፣

ናቱ ገዲፉ ናይ ካልእ ምስ ጠመተ፣

ሜረት እንዳማቱ ክንብጥ ዝሃውተተ፣

ብኣምኣት ኣሽሓት ሰራዊት ኣኽተተ።

 ቀዳማይ ኣጋር ምስ ጠያይቱ፣

 ካልኣይ ታንከኛ ምስ ሓጻውንቱ፣

 ሳልሳይ መድፍዔኛ ምስ ቡምባታቱ።

ኣግላይውን ኔራ ምስ ኩሉ ንብረታ፣

መምርሒ ተዋህባ ክትቀብር ሬሳታታ፣

እንተኾነ ንሳ ተመንከለት ኣብቲ መጀመርታ።

 ጃንዳ ዓቕላ ኣጽበበት ሰራዊታ ተሃንኩቱ፣

 ሬሳ ተዛሕዚሑ በቢወገናቱ፣

 ክትብል መረጸት ናተይ ኣይኮኑን እዞም ዝሞቱ።

ሓሶት ይሓይሽ ኢላ ዓይኒ ብዑሙቱ፣

ዘዋጻኣ መሰላ ሽዑ ንህሞቱ፣

ደም ሰብ ግን ኩቡር'ዩ ዝነግር ናቱ፣

እንሆ ይርኤ ኣብ ኢትዮጵያ ፍረ ውጺኢቱ።

 ጃንዳ ሰማይ መሰላ ዝወደቓ፣

 ዓቕሊ ኣጽበበት እምብዛ ተጨኒቓ፣

 ኣየ ክትክእሎ ለሚና ተማጻዲቓ፣

 ርድኡኒ በለት ነቶም ኣሕሉቓ።

ኣብታ ቀናን ባላ ተጸጊዓ፣

ሓቂ ከተምስል እንቅዓ እንቅዓ ነቢዓ፣

ዝሞቱ ኣዲኦም ትቕጽሮም በለት ተጠሊዓ፣

ንሳውን እንታይ ተሪፉዋ ምስ ሬሳታታ ተሰሪዓ።

 ልኡኽ ከመጸኪ'ዩ ካብ ኣሕሉቕኪ ተጸበዪ ብዓቕሊ

 ተሳዕርኪ ኢኺ ኣይትበሊ ታሕቲ ላዕሊ

 ምንፋጽ ግደፍዮ ከም ነዳሪ በቕሊ፣

ኣምላኽ ኣውጺኡኪ ኣሎ ካብ ናይ ትማሊ።

እንኪ ሕጂ ሞቕሺሽኪ ተቐበሊ፣

ትእዛዝ ከመጸኪ’ዩ ሕራይ ኢልኪ ኣስተብህሊ፣

ክሳብ ሽዑ ግን መናፍሕ ሓሶትኪ ቀጽሊ።

ዎዮ ጃንዳ ሞቕሹሽ መስ ረኸበት፣

ኩሉ ረሲዓ ክርትም ኢላ ሰሓቐት፣

እሳውን ብግደኣ ዕሱባት ኣዋፈረት።

ስዕረታ ክትሽፍን ጀመረት ወፍሪ፣

ጌና ሬስኣ ሲኢኑ ከሎ ቀባሪ፣

ህዝቢ ኣኪባ ነፍሓቶ ሓሶት ብቐትሪ።

ተነፍሔት ከም ባላንቺና፣

ክሳብ ምልዓል ትስእን ደኒና፣

ኣምሲዩእስ ሃፈፈት ከምደበና፣

ሓሶት ዊዒላ ከምዘይትሓድር ብዓይኒ ርኢና።

ሞጎስ ነቲ ከይትሓለለ ሃገር ዝከላኸልን ዝሃንጽን ዘሎ

ምክልኻል ሓይሊታትናን፡ ጻዕረኛ ህዝብናን።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።

ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።